Office des étrangers
Vreemdelingenzaken

## ሓበሬታ ብሮሸየር

# ኣህጉራዊ ዑቕባ ኣብ ቤልጂም



Tigrinya

# መእተዊ


1. ኣህጉራዊ ዑቕባ ኣብ ቤልጅየም .... 4
2. ኣህጉራዊ ዑቅባ ኣብ እትሓተሉ እዋን? .... 5
3. ገለ ኣገደስቲ መብርሂታት .... 6
   3.1 ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባ እንታይ እዩ? .... 6
   3.2 ኣመልካቲ ወይ ሓታቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መን እዩ? .... 7
   3.3 ዳብሊን እንታይ ማለት እዩ? .... 7
   3.4 “ናይ መወዳእታ ውሳኔ” እንታይ ማለት እዩ? .... 7
   3.5 ሓደ ሰብ መዓስ እዩ ብዛዕባ “ከም ብሓድሽ ሕቶ ኣህጉራዊ ዕቕባ ምቕራብ” ዝዛረብ? .... 7
   3.6 “ባዮሜትሪክ ዳታ” (“BIOMETRIC DATA”) እንታይ ማለት እዩ? .... 7
4. ጉዳይ መስርሕ ዑቅባ ምክትታል .... 8
   4.1 ኣበይ ዓለምለኻዊ ዑቅባ ክትሓትት ይክኣል? .... 8
   4.2 እቲ ኣገባብ መስርሕ ዑቕ ባ መዓስ ይጅምር? .... 8
      *4.2.1 ሕቶ ዑቅባ ምቅራብ ምምዝጋብን .... 8*
      *4.2.2 እቲሕቶዑቅባምቕራብ .... 11*
5. ፍሉይ ድልየታት ወይ ጠለባተይ ኣብ ግምት ይኣትዉ ድዮም? .... 14
6. ዱብሊን? .... 15
   6.1 ዳብሊን መዓስ እዩ ግብራዊ ዝኾውን? .... 16
   6.2 ናብ እታ ሓላፍነት እትስከም ኣባል ሃገር ክሰጋገር ክግደድ ይኽእል ድየ? .... 16
7. ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት (OE) ቃ ለ መሕተት ክገብሩለይ ድዮም? .... 17
   7.1 ተራ ሓታቲ ሰራሕተኛ መዓል መዚን ተርጓምን እንታይ እዩ? .... 17
   7.2 ናይ መወዳእታ ናይ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ምግባር እንታይ እዩ? .... 18
   7.3 መዕጸዊ ናይ እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) .... 19
   7.4 ናይ ምትሕብባር ግዴታ .... 19
   7.5 እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ብኸመይ ክውደብ እዩ? .... 20
8. ኣየኖት ሰነዳት እዮም ክቀርቡ ዘለዎም ? .... 21
   8.1 እብ እዋን መስርሕ ዑቅባ .... 21
   8.2 ድሕሪ ምቕባል ከም ምሉእ ስደተኛታት .... 21
   8.3 ድሕሪ ምሃብ ናይ ንኡስ ዑቅባ ኩነታት .... 21
   8.4 ድሕሪ ምንጻግ ናይቲ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዝቐረበ ምልክታ .... 22
9. ሓ በሬታ ትሕዝቶ መንነተይ ክቕይር ይኽእል ድየ?? .... 23
10. ትሕቲ ዕድመን መሰነይታ ዘይብሉን እየ... እንታይ ክገብር? .... 23
11. ኣብ እዋን መስርሕ ዑ ቕ ባ ብጠበቓ ክሕገዝ ይኽእል ድየ? .... 24
12. ናብታ መበቆል ሃገረይ ክምለስ እንተደልየኸ? .... 25
13. ኣብ እዋን መስርሕ ዑቅባ ክእሰር ይኽእል ድየ? .... 26
14. ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉ ዳይ ወጻእተኛታት (OE) ብውልቃዊ ሓ በሬታይ እንታይ ይገብር? .... 26
15. ጠቐምቲ ኣድራሻታት .... 27

# 1. ኣህጉራዊ ዑቕባ ኣብ ቤልጅየም

ዝኾነ ኣብ መሬት ቤልጅየም ዝርከብ ወጻእተኛ ዜጋ ፣ ኣብ ቤልጅየም ኣህጉራዊ ዑቅባ ንምርካብ ናይ ዑቅባ ሕቶ ክቕበላ ሓላፍነት ዘለወን ቤልጅማውያን መንግስታዊ ትካላት ከመልክት ይኽእል።

እዘን ዝስዕባ ብርክት ዝበላ ሓላፍነት ዘለወን መንግስታዊ ትካላት ዘሳተፈ እዩ፤

### ክፍሊ ጉዳያት ወጻእተኛታት (OE)

ክፍሊ ጉዳያት ወጻእተኛታት መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ሓላፍነቱ ከኣ ኣብ ቤልጅየም ንዝርከቡ ወጻእተኛታት ዜጋታት ናብቲ መሬታዊ ግዝኣት ዝኣተው ምቅባል ከምኡውን ፡ መዕቆቢ ገዛ (ካምፕ) ምሃብ ፡ ምጥያስን ፣ ምስጓግን ሓላፍነት ዝወስድ እካል መንግስቲ እዩ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻእተኛታት ነቲ ሕቶ ዑቅባ መዝጊቡ፡ ቅድሚ እቲ ሕቶ መስርሕ ምጅማሩ፣ ነቲ ሕቶ ዑቅባ ኣብ ቤልጅየም ድዩ ኣይኮነን- ወይ ካልእ ኣባል ሕብረት ዝኾነት ሃገር እያ ሓላፍነት ትስከም ኣጻርዩ ይውስን።

https://dofi.ibz.be/

### ሓፈሻዊ ኮምሚሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣል ቦ ሰባትን (CGRA)

CGRA ወይ ከኣ ሓፈሻዊ ኮምሚሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦ ሰባትን መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ሓላፍነቱ ከኣ ንሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባ ዝምልከት ሕቶታት ዝምርምርን ዝውስንን ቀንዲ ኣካል እዩ። CGRA መሰል ዑቅባ ዝውስን እዩ።

https://www.cgra.be/

### ቤት ፍርዲ ጉዳይ ናይ ወጻእተኛታት (CCE)

CCE ሓደ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ስደተኛታት እዩ።

ሓደ ወጻእተኛ ዜጋ OE ወይ CGRA ዝወሃብ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዑ፡ ነዚ ውሳነ ናብ CCE ይግባይ ክብል ይኽእል።

CCE ኣብቲ ይግባይ ፍርዲ ይህበሉ።

CCE ኣብ ጉዳይ መሰል ዑቅባ (ከም ሓደ ምሉእ ስደተኛ ወይ ሰብኣዊ ርህራሄ. .ወዘተ ) ናይ ምውሳን ምሉእ ሓላፍነት ናይ ምጥቃም ስልጣን እውን ኣለዎ።

ብተወሳኺ CCE ንዝያዳ ተወሳኺ መርመራ እንተድኣ ኣድልዩ። ነቲ ፋይል ናብ ክፍሊ ጉዳይ ወጻእተኛታት OE ወይ ናብ CGRA ክመልሶ ክውስን ይኽእል እዩ፣

https://www.CCE-cce.be/

### ላዕለዋይ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ (CE)

CE ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ውሳነ CCE ይግባይ ክቐርበሉ ዝኽእሉ ዝለዓለ ቤት ፍርዲ እዩ።

https://www.conseildetat.be/

### ፌደራላዊ ወኪል ምቕባል ሓተቲ ዑቕባ (Fedasil)

ፈዳሲል መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ንስርዓት ኣቀባብላ ሓተትቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ይከታተል። ፌዳሲል ንኹሎም ሓተትቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ሕክምናዊ መርመራ ናይ ምግባር ሓላፍነት እውን ኣለዎ።

ብተወሳኺ ፌዳሲል ናብ መበቆል ሃገሮም ብወለንታ ንኽምለሱ ንዝደልዩ እውን ደገፍ ይህብ እዩ።

https://www.fedasil.be/

## 2. ኣህጉራዊ ዑቅባ ኣብ ዝሓተተሉ እዋን?

ኣብ ቤልጅየም ኣህጉራዊ ዑቅባ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ እንድሕር ደኣ ናብ መበቆል ሃገርካ ምስ ተመለስካ ስግኣት ወይ ከቢድ ጉድኣት ክበጽሓካ እንተፈሪሕካ።

ድሕሪ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባ ምቅራብኩም መጀመርታ ኣየነይቲ ኣባል ሃገር ነቲ ሕቶ ንምምስራሕ ሓላፍነት ከም ዘለዋ ክውሰን ኣለዎ።

ነቲ ናትካ ሕቶ ዑቅባ ቤልጅየም ናይ ምክያድ ሓላፍነት እንተሃልይዋ፡ CGRA መጀመርታ ናይ ስደተኛ መሰል ወረቀት ንምርካብ ብቑዕ ምዃንካ

ክምርምር እዩ። ብቑዕ ምስዘይትኾውን፡ እቲ ዝወሃበካ ወረቀት ናይ ንኡስ ዑቅባ መሰል (subsidiaire) ንምርካብ ብቑዕ ምዃንካ ይምርመር።

> ብዛዕባ ዳብሊን ኣብ ትሕቲ ነጥቢ **6. ዳብሊን** ዝብል ንዝያዳ ሓበሬታ ኣንብብ

**ምሉእ መሰል ከም ስደተኛ ክወሃብካ ከሎ**

ምሉእ መሰል ከም ስደተኛ መጠን ወረቐት ክወሃበካ ዝኽእል ብሰንኪ ዓሌትካ፡ ሃይማኖትካ፡ ዜግነትካ፡ ፖለቲካዊ ርእይቶኻ ወይ ናይ ሓደ ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ብምዃንካ ስግኣት እንተ ኣለካ ከምኡውን ብናትካ መንግስቲ ውሕስነት ክትረክብ እንተዘይክኢልካ።

በዞም መዐቀኒታት መሰረት ኣብ ውዕል ጀነቫ ዕለት 28 ሓምለ 1951 ዝተገብረ ምርኩስ ብምግባር ይወሃበካ (“ውዕል ስደተኛታት” ተባሂሉ’ውን ይጽዋዕ)።



**ንኡስ መሰል ከም ስደተኛ ክወሃበካ ከሎ (SUBSIDIAIRE)**

ከም ስደተኛ ምሉእ ውሕስነት ከውሃበካ ዘኽእል ቅድመ ኩነት እንተዘይኣማሊእካ፡ ግን ገና ናብ መበቆል ሃገርካ ምስ ተመለስካ ከቢድ ጉድኣት ሓደጋ ስግኣት እንተሃልዩካ፡ ናይ ንኡስ መሰል ከም ስደተኛ ውሕስነት ወረቐት ክወሃበካ ይኽእል።

**ከቢድ ጉድኣት ሓደጋ ማለት:**

- ናይ ሞት ፍርዲ ወይ ቅትለት፤ ወይ
- ኣብ መበቆል ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኣመልካቲ ስቅያት ወይ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ መቕጻዕቲ፤ ወይ
- ኣህጉራዊ ወይ ውሽጣዊ ዕጥቃዊ ግጭት ኣብ ዘጋጥም ብዘይ ኣፈላላይ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህይወት ወይ ውልቀ ሰብ ከቢድ ሓደጋ ምስ ዝወርድ እዩ።

# 3. ገለ ኣገደስቲ መብርሂታት

## 3.1 ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባ እንታይ እዩ?

ንመንግስቲ ቤልጅየም ዑቅባ ክትሓትት ከለኻ፡ ብሰንኪ ፍርሒ ክትሳደድ ወይ ናብ መበቆል ሃገርካ ምስ ተመለስካ ከቢድ ጉድኣት ከስዕበካ ስለ ዝኾነ : “ኣህጉራዊ ዑቕባ ንምርካብ ሕቶ ” ኢኻ ተቕርብ ዘለኻ።

## 3.2 ኣመልካቲ ወይ ሓታቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መን እዩ?

ብምኽንያት ስግኣት ካብ ዓድካ ሸለ ዝተሰደካ ከምኡውን ናብ መበቆል ሃገርካ ምስ ተመለስካ ከቢድ ጉድኣት ከጋጥመካ ዝኽእል ሓደጋ እንተ ሃልዩ፡ ንመንግስቲ ቤልጅየም ዕቅባ እንተ ሓቲትካ፣ ሽዑ ክሳብ ናይ ምልክታኻ እዋን መስርሕ መወዳእታ ውሳነ ዝውሰደሉ “ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዕቅባ” ኢኻ ማለት እዩ።

## 3.3 ዳብሊን እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ኤውሮጳ ካብ ኣየነይቲ ሃገር ኣህጉራዊ ዑቅባ ክትረክብ ከም እትደሊ ባዕልኻ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ምኽንያቱ ኣብ ኤውሮጳ ምስኡ ዝተተሓሓዙ ሕግታት ስለ ዘለዉ። እዞም ሕግታት ኣብ ዓንቀጽ ዳብሊን ተኻቲቶም ኣለዉ፤ ኣየነይቲ "ሃገር ዳብሊን" ነቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ዝምልከት ሓላፍነት ከም ዘለዋ ዝውስን ዓንቀጽ እዩ፣ ኣብ ቤልጅየም ኣህጉራዊ ዑቅባ ንምርካብ ሕቶ ምስ ኣቕረብካ፡ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ስደተኛታት ንሕቶኻ ሓላፍነት እትወስድ ሃገር ቤልጅየም ድያ ወይ ካልእ "ሃገር ዳብሊን"፡ ኣላ እያ ብዝግባእ ክምርምር እዩ።

ብዛዕባ ዳብሊን ኣብ ትሕቲ ነጥቢ 6. ዳብሊን ዝብል ንዝያዳ ሓበሬታ ኣንብብ

## 3.4 "ናይ መወዳእታ ውሳኔ" እንታይ ማለት እዩ?

ንሕቶ ዕቅባኻ ውሳነ ምስ ተዋህበ (ማለት ናይ ዑቅባ መሰል ክወሃበካ ድዩ ኣይወሃበካን) ኣንጻር እዚ ውሳነ ተወሳኺ ሕጋዊ መፍትሒ ክርከብ ምስ ዘይትኽእልን (ብመሰረት ከምቲ ኣብ ሕጊ ወጻእተኛታት ዝተቐመጠ)፡ እዚ "ናይ መወዳእታ ውሳነ" ክውሃበካ እዩ።

## 3.5 ሓደ ሰብ መዓስ እዩ ብዛዕባ "ከም ብሓድሽ ሕቶ ኣህጉራዊ ዕቕባ ምቕራብ" ዝዛረብ?

ቕድሚ ሕጂ ኣብ ቤልጅየም ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዝምልከት ሕቶ ኣቕሪብካ እንተኾንካ፡ ኣብኡ ናይ መወዳእታ ውሳነ ተወሲዱ ምስተዓጽወ ድሕሪኡ እንደገና እንተ ኣመልኪትካን፡ እዚ "ከም ብሓድሽ ሕቶ ኣህጉራዊ ዕቕባ ምቕራብ" እዩ።

ካብቲ ዝሓለፈ ሕቶ ዑቅባ ናይ መወዳእታ ውሳነ ካብ ዝወሃብ ንደሓር ፣ ኩሎም ነፍስወከፍ ብድጋመ እትሓቶም ናይ ዑቅባ ሕቶታት – ከም "ከም ብሓድሽ ሕቶ ኣህጉራዊ ዕቕባ ምቕራብ" ይቑጸሩ።

## 3.6 "ባዮሜትሪክ ዳታ" ("BIOMETRIC DATA") እንታይ ማለት እዩ?

"ባዮሜትሪክ ዳታ" ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዝውሰድ፤ ማለት ኣሰር ኣጻብዕትን (ዓሸራ) ናይ ገጽ ስእሊን እዩ።

እዚ ኹኣ (ብቐጥታ ) ባዮሜትሪክ ንጽጽር ብምግባር ንሓደ ሰብ ካብቲ ኻልእ ፈሊኻ ንምልላይ ክጠቅም ይኽእል።

# 4. ጉዳይ መስርሕ ዑቕባ ምክትታል

## 4.1 ኣበይ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ክትሓትት ይክኣል?

እቶም ኣብ ቤልጅየም ኣህጉራዊ ዑቅባ ክሓቱ ዝደልዩ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎምን ብኣካልን ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ቐሪቦም ክሓቱ ኣለዎም።

ኣብዘን ዝስዕባ መንግስታውያን ትካላት እውን ዑቅባ ምሕታት ይከኣል እዩ፤

- ኣብ **ዶብ** ምስ ምክትታል ዶባት ዘለዉ ኣካላት ወይ
- ኣብ **መጽንሒ ማእከል ዘይሕጋውያን ስደተኛታት** ምስ ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ወይ
- ኣብ **ቤት ማእሰርቲ** ምስ ኣካየድቲ እቲ ቤት ማእሰርቲ

## 4.2 እቲ ኣገባብ መስርሕ ዕቅባ መዓስ ይጅምር?

እቲ ኣገባብ መስርሕ ዑቕባ ብቕጽበት ኣይጅምርን እዩ። ቅድሚኡ ገለ መድረኻት ዝግበሩ ስለ ዘለዉ፤

- መጀመርያ ሕቶ ዑቅባ ምቕራብ (ኢድካ ምሃብ)
- እቲ ሕቶ ዑቅባ ምምዝጋብን
- ብድሕሪኡ እቲ ሕቶ ዑቅባ ንምብራህ ቃለ መሕተት ምክያድ

ኣብ ነፍሲወከፍ ካብዞም ሰለስተ መድረኻት እቲ ሓታቲ ዑቕባ ብኣካል ክርከብ እለዎ።

### 4.2.1 *ሕቶ ዑቅባ ምቅራብ ምምዝጋብን*

ኣብ መሬት ቤልጅየም እንተሃሊኻ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ከተመልክት ምስ እትደሊን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ክትቀርብ ኣለካ። ኣብኡ ሕቶ ዑቅባኻ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት - ብዝተኻእለ መጠን - ኣብ እታ ሕቶ ዘቕረብኩምላ መዓልቲ ሕቶኹም ክምዝግቦ ክጽዕር እዩ።.

ሕቶኹም ከተመዝግቡ ከለኹም ብኸመይ ኣገባብ ሕቶኹም ከተቕርቡ ከም እትኽእሉ ክትሕበሩ ኢኹም። እቲ መስርሕ ዑቅባ ዝጅምር ፣ ብጭቡጥ ካብቲ ሕቶ ዘቕረብካዮ ዕለት ጥራይ እዩ (ኣብ ነጥቢ 4.2.3 ርአ።)

እቲ ሕቶ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይክኢሉ ፣ መጺኹም ከምዝነበርኩም ዝገልጽ ናይ ምዝገባ መረጋገጺ ክትወሃቡ ኢኹም ። በዚ ሰነድ እዚ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዝኸውን መመልከቲ ከም ዘቕረብካ ከተረጋግጽ ትኽእል ኢኻ። ካብታ ግዜ እቲኣ ጀሚርካ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ኢኻ።

**እቲ ምዝገባ ድማ ነዚ ዝስዕብ ዘጠቓልል እዩ፤:**

## መንነት ምልላይን ምውሳን

ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ምስ ተመዝገብካ መንነትካ (ስም ኣቦ፡ ስምካ፡ ዕለት ልደት፡ ቦታ ልደት፡ ዜግነትካን . . . ወዘተ) ክምዝገብ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ኢድካ ዘሎ ሰነዳት ወይ ዶኮመንት መንነትካ ዝገልጽ መሰረት ብምግባር እንተተገይሩ ይምረጽ። ዝኾነ ናይ መንነት ሰነድ እንተዘይብልኩም፡ እቲ መዝገብ እትህብዎ ቃልኩም ይምዝገብ።

ስለዚ፡ ኦርጅናል ወይ ቀንዲ ሰነዳት መንነት እንተሃልዩካ፡ ወይ ቅዳሕ ናይዞም ሰነዳት እንተሃልዩካ፡ ኩሉ ግዜ ምሳኻ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ሒዝካ ምምጻእ ኣገዳሲ እዩ።

## ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ ምርካብ

ምዝገባ ምሉእ ንምግባር፡ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ኣብ ቤልጅየም ካብ ዝኣተኻሉ እዋን ጀሚሩ፡ ድሮ ኣብ
ቤልጅየም መንበሪ ኣድራሻ ኣለካ ድዩ የብልካን ፣ መቐበሊ ኣጋይሽ መዓስከር የድልየካን ድዩ ኣይደልን የጻሪ። ኣብ ምሉእ እቲ መስርሕ ንዑቕባ ምርካብ ሓጋዚ ተርጓሚ ክትሕገዝ ትደሊ እንተኾንካ እውን ክትሕተት ኢኻ።

## ዝኾነ ይኹን ድኹም ጎኒ ወይ ስንክልና ናይቲ ኣመልካቲ ምልላይ

ኣብ እዋን ምዝገባ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ድኹም ጎኒ እንተ ኣለኩም እውን ክትሕተቱ ኢኹም። ኣብ ዝስዕብ መስርሕ ኣቀባብላ ከምኡውን ናይቲ ዝቕጽል ኣገባብን፡ ኣብ ግምት ከእትውዎ ምእንታን ድኹም ጎኒ ወይ ስንክልና እንተሃልዩምኻ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ።

## ንኣመልካቲ ብዛዕባ መሰላቱን ግዴታታቱን ምሕባር

ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መጠን፡ ብርክት ዝበሉ መሰላት ኣለዉኻ፡ ከምኡውን ብርክት ዝበሉ ግዴታታት እውን

ኣለካ።

ንኣብነት ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መጠን ናይ መዕቆቢ መሰል (ካምፕ) መሰል ኣለካ ካብ ፈዳሲል(FEDASIL)

ድማ ንዋታዊ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ኣስተውዕል: መሰል መዕቆቢ መዓስከር ወይ ካምፕ ድሩት ክኸውን ይኽእል እዩ።.**

ብተወሳኺ ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መጠን ካብ እቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎካ ስግኣት ምሉእ ውሕስነት ይወሃበካ ። እዚ ማለት፡ ብመትከል፡ ኣብ

እዋን ኣህጉራዊ መስርሕ ዑቅባ ፡ ናብ መበቆል ሃገርካ ኣይትስደድን ኢኻ። ብዘይካ ኣብ ሕጊ ናይ ወጻእተኛታት ካብ ዝሰፈረ ከምልሰካ ዝኽእል ካልእ ጉዳያት እንተሃልዩካ።

ብተወሳኺ ኣብ ዝኾነ እዋን ፣ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ መንግስቲ ቤልጅየም ምስ ሰበስልጣን መበቆል ሃገርካ ኣይራኸቡን ወይ ሓበሬታ ኣይለዋወጡን እዮም።

ብኻልእ ወገን ድማ ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ መጠን ኩሉ ግዜ ሓቂ ክትዛረብን ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ምሉእ ብምሉእ ንትሕተቶ ክትተሓባበርን ትጽቢት ይግበር።

ናይ መንነት ዘረጋግጺ ሰነድ እንተሃልዩኩም ሕቶኹም ኣብ እተመዝግቡሉ እዋን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ከተቕርቡ ግዴታ ኣለኩም።

ሰነድካ ናብቲ ሓታቲ በዓል መዚ ከተቕርብ ግዴታ ኣለካ። ብተወሳኺ ኣየነይቲ ሃገር ሓላፍነት እትስከም ምኳና ንምውሳን ወይ ንሕቶኻ ንምምብራህ ክሕግዙ ዝኽእሉ ሰነዳት ወይ ካልኦት ባእታታት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብዝተኻእለ መጠን ሰነድካ ከተቕርብ ኣለካ።



**ኣየኖት ሰነዳት እዮም ኣገደስቲ?**

ኩሉ ሰነዳት ብዛዕባ ዕድሜኻ፡ ድሕረ ባይታኻ (እቶም ዝምልከቶም ኣባላት ስድራቤትካ ሓዊስካ)፡ መንነትካ፡ ዜግነትካ፡ ሃገር(ራት)ን ከምኡውን ቦታ(ታት)ን ቅድሚ ሕጂ ዝነበርካሉ ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ቅድሚ ሕጂ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዘቕረብካሎም መረጋገጺ መመልከቲታትን፡ ዝሓለፍካዮ መንገዲ ክትመጽእ ኮለኻ፣ ሰነዳት መንነት፣ ... ኣገደስቲ ኢዮም፣ ከምኡውን ኣብ መበቆል ሃገርካ ንዘጋጥመካ ጸገማት ከብርሁ ዝኽእሉ ሰነዳት እውን ሒዝካ ምምጻእ ኣገደስቲ እዮም።

ሰነዳት ምሕባእን፡ ወይ ዝተወሰኑ ሰነዳት ምሃብ ምእባይን፡ እዚ ከም ዘይምትሕብባርካ ከመልክት ስለ ዝኽእል።

ምትሕብባር ዘይምህላው ኣብ እዋን ሕቶኻ ናይ ምዕንቃጽ ነቲ መስርሕ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ጠጠው ናብ ምባል ከምርሕ ይኽእል እዩ፣ ወይ ድማ ሕቶኻ ብCGRA ብዝቐልጠፈ መስርሕ ክካየድ ይኽእል እዩ፣ ቤልጅየም ንሕቶኻ ክትሕዝ ሓላፍነት እንተሃልይዋ።

ሕቶኹም ከተቕርቡ ከለኹም ብዛዕባ መሰላትኩምን ግዴታታትኩምን ክትሕበሩ ኢኹም።

### ባዮሜትሪክ ዳታ ኣሰር ኣጻብዕቲ ምውሳድ

ሓደ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ሕቶኹም ክምዝግብ ከሎ ስእልኹምን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ክወስድ እዩ። ኣብ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ተመርኲሱ ድማ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ወይ ኣብ ካልእ ኣባል ሃገር ዱብሊን መዝገብ ኣለኻ ዶ የለኻን ክምርመር እዩ።
እቲ ስእሊ ኣብ ፋይልኩም ክኣቱ እዩ ከም ኣካል ናይቲ መስርሕኩም ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኣብ እትወሃብዎም ዝተፈላለዩ ሰነዳት ኣብኡ ክትረኽብዎ ኢኹም።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ምምዝጋብ ሕቶ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ጉዳይ ወጻእተኛታት ፧:**

https://tinyurl.com/dpipresentationENG

## ሓበረታ ርክባት:

### ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት – ክፍሊ ኣህጉራዊ ዑቅባ

ኢ-መይል: registration@ibz.fgov.be

### 4.2.2 እቲሕቶዑቅባምቕራብ

ኣብታ ናይ ምዝገባ መዓልቲ ወይ እንተወሓደ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕቶኹም ምስ ኣቕረብኩም፡ ብዛዕባ ምኽንያት ዑቅባ ከተብሩሁ ቃለመሕተት ክትገብሩ ዕድል ይወሃበኩም።

እቲ ሕቶ ኣብ እተቕርበሉ እዋን ብርክት ዝበሉ ሕጋውያን ግዴታታት ክማላኡ ዘለዎም ኣለዉ ንሶም ከኣ፤

#### ኣብ ቤልጅየም መንበሪ ቦታ ምምራጽ

ኩሉ ኣመልካቲ ኣብ ቤልጅየም መዕቆቢ ቦታ (ኣድራሻ) ክመርጽ መሰል ኣለዎ። ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት ብዛዕባ መጽንሒ ቦታ ኣበይ ምኳኑ ወይ ምርጫኹም ክሓተኩም እዩ። እዚ ብጭቡጥ እትነብረሉ ኣድራሻ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ወይ ከኣ ምስ ጠበቓኻ፣ ምስ ኣዕሩኽትኻ፣

ቤተሰብካ፣ ... ኣብ ቤልጅየም መጽንሒ ቦታ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታትን ከምኡውን CGRAን ኩሉ ኣብ እዋን መስርሕ ኩሉ ዘድሊ ሓበሬታ ብደብዳቤታት (ማለት ዕድመታት፡ ሕቶታት ሓበሬታ፡ ውሳነታት ወዘተ) ናብዚ ኣድራሻ ክሰዱ እዮም።

ኣድራሻ እንተ ዘይብልካ፡ ኣድራሻ ናይ CGRA ከም ዝመረጽካዮ መንበሪ ቦታ ይቑጸር እሞ ኩሉ ደብዳቤታትካ ናብዚ ኣድራሻ ይለኣኽ። ድሕሪኡ ደብዳቤታትካ ንምቕባል ኩሉ ግዜ እንዳተመላለስካ ናብ CGRA ክትቀርብ ግድነት ይኾውን።

ካብቲ መንበሪ ቦታ ኣድራሻ ምስ እትቅይሩ ኩሉ ግዜ ንቤት ጽሕፈት ክፍሊ ወጻእተኛታትን CGRAን እቲ ሓዲሽ እድራሻኹም ምሕባር ግደታዊ ሓላፍነት ኣለኩም።

ነዚ ዝኸውን ፍሉይ ቅጥዒ ዝምላእ ተዳልዩ ኣሎ፡ እዚ ድማ መሊእኩም ብናይ ሓደራ ደብዳበ ናብ ክልቲኡ ማለት ናብ ንቤት ጽሕፈት ክፍሊ ወጻእተኛታትን CGRA ን ክትሰድድዎ ኣለኩም።

**እዚ ቅጥዒ እዚ ከም መእተዊ ጽሑፍ 1 ናይዚ ብሮሹር ተወሰኺሉ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ወጻእተኛታትን እውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ:**

https://tinyurl.com/dpiformsENG

**ኣስተውዕል: ካብቲ ዝነበርኩሞ መንበሪኹም ኣድራሻኹም እንተቐይርኩምን ንቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን CGRAን እንተዘይሓቢርኩም ወይ ኣብ ግዚኡ እንተዘይእፍሊጥኩም፡ እዚ ኣብቲ ንኣህጉራዊ ዑቅባ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ደሓር ከኣ ኩሉ ደብዳቤታትካ ኩሉ ግዜ ናብቲ ናይ መወዳእታ ሓቢርኩሞ ዝነበርኩም መንበሪ ቦታ ክለኣኽ እዩ፣ ብሰንኪ ዘይምሕባርኩም ድማ ዝተወሰኑ ሰነዳት ክበጽሓኩም ወይ ደንጉዩ ክመጻኩም ይኽእል ኢኻ።**

## ኣብ ናይቲ መስርሕ ዑቅባ ቋንቋ ምምራጽ

ሕቶ ዑቅባ ካብ ዝቐርበሉ እዋን፡ ነቲ መስርሕ ዑቕባ ኣየናይ ቋንቋ ከም እትጥቀም ክትመርጽ ኣለካ። እቲ ቋንቋ ወይ ፍራንስ ወይ ኔዘርላንድስ ክኸውን ይኽእል።

እኹል ፍራንስ ወይ ኔዘርላንድስ ትዛረብ እንተኾንካ፡ ብፍራንስ ወይ ኔዘርላንድስ ከም ቋንቋ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

እኹል ፍራንስ ወይ ኔዘርላንድስ እንተዘይ ትዛረብ ኮንካ ግና፡ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ወጻእተኛታትን ባዕሉ ንቋንቋ ናይቲ መስርሕ ብመሰረት ድሌታት ኣገልግሎታትን እቲ ሰራሕተኛ ክውስን እዩ።

እቲ ናይ ኣገባብ ቋንቋ ምስ ተወሰነ፡ ኣብ ምሉእ እቲ መስርሕ ዑቅባ፡ እንተላይ ኣብ CGRAን CCEን ብእኡ ይካየድ እዩ።

ንእንደገና ካልእ ዑቅባ ሕቶ ምስ እተቕርቡ እውን እቲ ናይ ኣገባባዊ ቋንቋ ክዕቀብ እዩ።

## ግዝያዊ መንቀሳቐሲ bijlage 26 / 26 quinquies (ኣኔክስ)

ሕቶኻ ኣብ እተቕርበሉ እዋን፡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታትን ግዝያዊ መንቀሳቐሲ bijlage 26 (ናይ መጀመርታ ሕቶኻ እንተኾይኑ)፡ ወይ ግዝያዊ መንቀሳቐሲ 26 quinquies (ብተደጋጋሚ ሕቶ ዝምልከት እንተኾይኑ) ክህበካ እዩ።

እዚ ሰነድ እዚ ዝርዝር መንነትካ፡ ከምኡ'ውን ስእልኻ ዝሓዘ እዩ። እቲ ሰነድ ንኣህጉራዊ ዑቕባ መመልከቲ ከም ዘቕረብካ ከም መርትዖ ኮይኑ የገልግል።

ይኹን እምበር እዚ ሰነድ መንነት ሰነድ ወይ መርትዖ ዜግነት ኣይኮነን።

**ኣስተውዕል፡ ንሕቶኹም ንምቕራብ ንዝቐረበልኩም ዕድመ መልሲ እንተዘይሂብኩም፡ ሕቶኹም ንጹግ ኮይኑ ይሓልፍ። ካብታ ህሞት እቲኣ ጀሚርካ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ኣይኮንካን።**

**እንተ ኾነ ግና ኣብ ካልእ ግዜ ሕቶኹም ከተቕርቡ ምስ እትደልዩ፡ ሕቶኹም ፋይል እንደገና ይኽፈት።**

# 5. ፍሉይ ድልየታት ወይ ጠለባተይ ኣብ ግምት ይኣትዉ ድዮም?

ምእንቲ እቶም ዝምልከቶም ሰበስልጣን ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታትካን ምኽንያት ሕቶኻን ጽቡቕ ስእሊ ክረኽቡ ኣብ እዋን መስርሕ ነቲ እትብሎ ቃለ መሕትት ክገብሩልካ ኢዮም። ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ብዝተኻእለ መጠን ብዝበለጸ ኩነታትን ታሪኹ ክነግር ማዕረ ዕድላት ክወሃቦ እዩ፣ ብከምዚ ኣገባብ ከኣ ቅኑዕ ገምጋም ወይ ውሳነ ናይቲ መመልከቲ ብግቡእ ክውሰን ይኽእል።

ሓደ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታትን ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካ ዝተወሰኑ መዳያት ኣብ ግምት ክኣትዉ ከምዘለዎም ንምፍላጥ፡ ብዝተኻእለ መጠን ዛንታኻ ብዝበለጸን መልኽዑ ኩነታትን ክትነግር ዝምላእ ቕጥዒ ይህበካ፡ ነቲ መሕተቲ ቕጥዒ ጽሑፍ ክትመልኦ ኢኻ። ካብ መልስታትካ ተመርኲሱ፡ እቲ ሰራሕተኛ ናይ እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ፍሉይ ጠለባትካ ፍሉይ ናይ ደገፍ ሓገዛት የድልየካ ድዩ ኣየድልየካን ክውስን እዩ።

ነቲ ብሰራሕተኛ ዝሕተተካ ሕቶታት ብዝተኻእለ መጠን ንጹርን ምሉእን ምምላስ ንኹሉ ድሌታትካ ከርእዩ ዝኽእሉ ባእታታት ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ምቕራብን ንረብሓኻ እዩ። በዚ መንገዲ እዚ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ውልቃዊ ኩነታትካ ኣብ ግምት ክኣቱ ይኽእል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝምላእ ወይ ባእታታት ዝውሰኽ ምስ ዝህልወካ ድሒርካ ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ።

  

# 6. ዱብሊን?

ኣብ ቤልጅየም ኣህጉራዊ ዑቕባ ንምርካብ መመልከቲ ኣቕሪብካን ማለት ቤልጅየም ነቲ ሕቶ ዑቕባ ተካይዶ እያ ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ንስኻ ኣየነይቲ ሃገር ንኣህጉራዊ ዑቕባ ንምርካብ ኽትሓትት ከም ዘለካ ክትምርምር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ዝውስኑ ሕግታት ኣለዉ። እዞም ሕግታት እዚኣቶም ኣብ ዓንቀጽ ዱብሊን ተቐሚጦም ኣለዉ።

**Cfr. ዓንቀጽ 604/2013 ናይ ባይቶ ኤውሮጳን ቤት ምኽርን ብዕለት 26 ሰነ 2013 ዓ.ም.ፈ ሓንቲ ካብተን ኣባል ሃገራት ናይቲ ብሳልሳይ ሃገር ዜጋ ወይ ሃገር ኣልቦ ሰብ ንዝቐረበ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባ ንምክያድ ሓላፍነት ዘለዋ ኣባል ሃገር ንምውሳን ዝሕግዝ መዐቀኒታትን ኣገባባትን ዘቐምጥ እዩ።**

ኣብዚ ዓንቀጽ ዝርከቡ ሕግታት ብቤልጅየም ሓዊሱ ብ31 ሃገራት ግብራዊ እዩ ።

ስለዚ ቅድሚ ምኽንያት ዑቅባ ሕቶኻ ኣብዚ ዓዲ ምምርማሩ መጀመርያ ኣየነይቲ ሃገር - ብመሰረት ሕግታት ዓንቀጽ ዱብሊን - ንኣህጉራዊ ዑቅባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ከተሰላስል ከምዘለዋ ክምርመር ክግደድ እዩ።

**መመልከቲኹም ክትምዝግቡ ከለኹም፡ “ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ዑቕባ ኣመልኪተ ኣለኹ – ኣየነይቲ ሃገር እያ ምልክታይ ከሰላስል?” ዝብልን ተወሳኺ ሓበሬታ ዘለዎ ጽሑፍ ክወሃበኩም እዩ። እዚ ሓበሬታ ጽሑፍ (ብሮሹር) ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝርከብ ኮይኑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት እውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፤ ኣብዚ ዝስዕብ ጥብቆ ተመልከት.-**

https://tinyurl.com/DPIDublinENG

## 6.1 ዳብሊን መዓስ እዩ ግብራዊ ዝኾውን?

ዓንቀጽ ዳብሊን ዝተፈላለዩ መዐቀኒታት ዝሓዘ ኮይኑ፡ በዚኦም መዐቀኒታት መሰረት ብምግባር፣ መርመራ ዳብሊን ንምጅማር ይውሰን። እዚ ድማ ብመሰረት እቲ ዘሎ ሓበሬታ ንኣብነት ከም ሰነዳት መንነት፡ ውጽኢት መርመራ ኣሰር ኣጻብዕቲ፡ መንግስቲ ቤልጅየም ካብ ካልኦት ኣባላት ሃገራት ዝረኸብዎ ሓበሬታ፡ ከምኡውን ብመሰረት እቲ ንስኻ/ኺ እትህቦ ቃል እውን ይግበር ተሞርኲሱ ይልለ።

**"ኣብ መስርሕ ዳብሊን ኣለኹ – እዚ እንታይ ማለት እዩ?" ዝብል ጽሑፍ ናይ ዳብሊን ምጽራይ ንኽጅመር ውሳነ ምስ ተወሰነ እትወሃቦ እዩ።**

**እዚ ብሮሹር ብብዙሕ ቋንቋታት ዝርከብ ኮይኑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን እውን ክትረኽቦ ትኽእልኢኻ፤**

https://tinyurl.com/DPIDublinENG

ቤልጅየም ንኣህጉራዊ ዑቅባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ምልክታ ንምክያድ በቲ መርመራ ሓላፍነት ከምዘይብላ እንተድኣ ተፈሊጡ ፡ ሕቶኻ ይንጸግ ከምኡ እውን ካብቲ ግዝኣት ውጻእ ዝብል ትእዛዝ ዘለዎ ውሳነ ክወሃበካ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ብወለንታኻ ናብታ ሓላፍነት እትስከም ኣባል ሃገር ክትከይድ ኣለካ።

እንድሕር ደኣ ቤልጅየም ንሕቶኻ ናይ ምሕላው ሓላፍነት እንተረኺባ፡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታትን ነቲ ናትካ ፋይል - ምናልባት ድሕሪ ተወሳኺ ቃለ መሕትት - ናብ CGRA ከሰጋግሮ እዩ፡ CGRA ድማ ንትሕዝቶ ሕቶኻ ገምጊሞም ክውስኑን እዮም።

## 6.2 ናብ እታ ሓላፍነት እትስከም ኣባል ሃገር ክሰጋገር ክግደድ ይኽእል ድየ?

እወ፡ እዚ ዝኾውን ግና ኣብ ዝተወሰነ ኹነታት ክግበር ይከኣል እዩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ምስግጋር ናብታ ሓላፍነት እትስከም ኣባል ሃገር ንኽፍጸም ተባሂሉ ኣብ ፍሉይ ቦታ (ዕጹው ማእከል) ክትሰጋገር ተኽእሎ ኣሎ።

# 7. ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት (OE) ቃለ መሕተት ክገብሩለይ ድዮም?

ኩሉ ኣመልካቲ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቕባ ድሕሪ ምቕራቡ ብዝተኻእለ መጠን ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ቃሉ ንኽህብ ዕድል ይወሃቦ። እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ኣብታ ኢዱ ዝሃበላ መዓልቲ ወይከኣ ድሕሪ ኢዱ ምሃቡ ብዝተኻእለ መጠን ብቅልጡፍ ክካየድ ይኽእል። ድሕሪ ኢዱ ምሃቡ እንተ ኾይኑ ፣ ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ኣመልካቲ ድሒሩ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት ዳግማይ ክቐርብ ክዕደም እዩ።.

ኣስተውዕል: ኣብቲ ዝተመደበሉ ዕለት ክትህልዉ እንተዘይክኢልኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክትሕብሩ ኣለኩም። ይኹን እምበር፡ እቲ እትህቦ ምኽንያታት ብቑዕ ኪኸውን ኣለዎ። ንኣብነት ሕማም ምስ ዝህልወካ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ከተቕርብ ኣለካ።

ካብቲ ጻውዒት ዝተገብረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ንስኻ ናብ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት እንተዘይቀሪብካ፡ ድሕሪኡ ሕቶ ዕቅባ ክትቅጽሎ ተገዳስነት ከምዘይብልካ ኮይኑ ይቑጸር እሞ፡ ነቲ ኣህጉራዊ ዑቅባ ዝሓተትካዮ ሕቶ ከም ዝገደፍካዮ ይቑጸር። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ካብቲ ግዝ ኣታዊ መሬት ክትወጽእ ትእዛዝ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

## 7.1 ተራ ሓታቲ ሰራሕተኛ መዓል መዚን ተርጓምን እንታይ እዩ?

ኣብ ምጅማር መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ፡ እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛ በዓል መዚ፡ ተራኡ፡ ከምኡ'ውን ተራ ተርጓሚ ክገልጸልካ እዩ።

ሕቶኻ ኣብ እተቕርበሉ እዋን ሓገዝ ተርጓሚ እንተሓቲትካ፡ እቲ ተርጓሚ ኣብ ምሉእ እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ምሳኻ ክህሉ እዩ።

ተራ ናይቲ ተርጓሚ ኣብቲ ምስቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛ በዓል መዚ እትገብሮ ዝርዝብ ብቕኑዕ ምቱርጓም ጥራይ ዝተሓጽረ እዩ። እቲ ተርጓሚ ብውልቁ ኣብ ጉዳይካ ጣልቃ ክኣቱ ወይ ኣብ ዛንታኻ ርእይቶኡ ክህብ ኣይክእልን እዩ። ብተወሳኺ እቲ ተርጓሚ ኣብቲ ዝውሰድ ውሳነ ዝኾነ ጽልዋ ከሕድር ኣይክእልን እዩ። እቲ ተርጓሚ ኩሉ ግዜ ዕላማ ዘለዎን ዘይሻራዊ ሞያዊ ክኸውንን ምስጢር ከኽብርን ግዴታ ኣለዎ።

ኣብ ምጅማር መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ወይ ኣብ እዋን መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ምስቲ ተርጓሚ ኣብ ምዝርራብ ጸገማት እንተሃልዩ (ንኣብነት ነቲ ተርጓሚ ብግቡእ ምስዘይትረዳዳእ)፡ ነዚ

ብቕልጡፍ ክትሕብር ኣለካ።

ብውልቃዊ ጸገምካ ይኹን ምስ ምኽንያት መሰደዲኻ ብዝተኣሳሰር ምኽንያት፡ እቲ ሰራሕተኛ ወይ ተርጓሚ ናይ ወዲ ተባዕታይ/ጓል ኣንስተይቲ ጾታ ክትመርጽ እንተደሊኻ፡ እዚ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ክሕበር ኣለዎ። እቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ በዓል መዚ እዚ ብዝተኻእለ ኣብ ግምት ከእትውዎ እዩ።

እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛ በዓል መዚ እውን ብዛዕባ ናይ ኣፈጻጽማ ናይቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክሕብረካ እዩ ፣ እቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ብኸመይ ከምዝቕጽልን ብልክዕ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ከምዝግበርን ኣቐዲሙ ክሕብረካ እዩ።

## 7.2 ናይ መወዳእታ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ምግባር እንታይ እዩ?

ኣየናይ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክትገብር ምኳንካ ኣብ ኩነታትካ እዩ ዝምርኮስ። ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክትገብረለን ዝኽእላ እዘን ዝስዕባ ተኽእሎታት እየን፤




### ናይ ዳብሊን ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው)

ቤልጅየም ነቲ ሕቶ ዑቕባ ንምክያድ ሓላፍነት ከምዘይትወስድ ዝሕብር ምልክታት እንተሃልዩ፡ ናይ ዳብሊን መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክካየድ እዩ። እቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛ በዓል መዚ ኣብ መጀመርታ ናይቲ ኣመልካቲ፣ ኩነታት ሓዳር፣ ኣቃውማ ስድራቤት፣ ዝ መጻእካሉ መንገዲ ናብ ቤልጅየም ወዘተ ዝምልከት መረዳእታ ካባኻ ክእክብ እዩ።

ብተወሳኺ ኣየነይቲ ኣባል ሃገር ነቲ ሕቶ ንምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ከም እትኽእል ንምጽራይ እውን ኣድላዪ ሓበሬታ ካባኻ ይእከብ።




### ቀዳማይ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው)

ናይ መጀመርታ ሕቶ ዑቕባ እንተኾይኑን ካልእ ኣባል ሃገር ነቲ ሕቶ ንምክያድ ሓላፍነት ከም ዘለዋ ዝሕብር ምልክት እንተዘይሃልዩን፡ እቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛ በዓል መዚ ኣብ እቲ ቀዳማይ ክፋል ብዛዕባ ናትካ መንነት፡ ኩነታት ሓዳር፡ ኣቃውማ ስድራቤት፡ ናብ ቤልጅየም ዝ መጻእካሉ መንገዲ ወዘተ ዝምልከት መረዳእታ ካባኻ ክእክብ እዩ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ ሰራሕተኛን እቲ ኣመልካቲን ካብ CGRA ዝመጸ መሕተቲ ጽሑፍ (እዚ ድማ ነቲ ኣመልካቲ ካብ ሃገሩ ዝወጻሉ ወይ ዝተሰደደሉ ምኽንያት ብሓጺሩ ዝገልጽ) ክሓቶን ከምኡ እውን እቲ ዝተዋህበ መልሲ ናይቲ ኣመልካቲ ክምዝግቦን እዮም።



**ካልእይ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው)**

እቲ ኣመልካቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ቤልጅየም ብኣህጉራዊ መስርሕ ዑቕባ ዝሓለፈ እንተኾይኑ፡ እቲ ቃለ መሕትት ዘካይድ ሰራሕተኛ ነቲ ናይ መጀመርታ ናይ ኣመጻጽኣ መንገዲ ዝሓለፈ ጉዕዞ ዳግማይ ኣይግምግሞን፡ እንታይ ደኣ ነቶም “ሓደስቲ ባእታታት”ን እቲ ኣመልካቲ ኣቐዲሙ ነዞም ባእታታት ከቕርቦም ዘይከኣለሉ ምኽንያትን ክግምግም እዩ። እቲ ኣመልካቲ ንምንታይ ነዞም ሓደስቲ ባእታታት መሰረት ብምግባር ምሉእ ውሕስነት ደረጃ ስደተኛ ዑቕባ ክወሃቦ ኢሉ ብቑዕ ምኻኑ ዘይምኻኑን ከርኢ ክግደድ እዩ።

## 7.3 መዕጸዊ ናይ እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው)

ኣብ መወዳእታ ናይቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው)፡ መግለጺታትካ እንደገና ይንበብ (ምናልባት ብሓገዝ ተርጓሚ ክኸውን ይኽእል)። እዋን እቲ ንባብ ግና ገለ ባእታታት ናይ ምእራም፣ ምቕያር ወይ ምንጻር ዕድል ኣለካ። ብድሕሪኡ ነቲ ቕዳሕ ዝበልካዮ ጽሑፍ ክትፍርመሉ ክትሕተት ኢኻ። በዚ መንገዲ ምስ ትሕዝቶኡ ከም እትሰማማዕ ብኽታምካ ትሕብር ኣለኻ ማለት እዩ።

ብዝኾነ ምኽንያት ምፍራም እንተኣቢኻ ግን እዚ ቃለ መሕተት ዘካይድ ዘሎ በዓል መዚ ኣብቲ ናይ ቕዳሕ ዝበልካዮ ጽሑፍ ክፍርም ኣይደልንየ ኢሉ ክጽሕፈልካ እዩ። እቲ ሰራሕተኛ ክትፍርም ዘይትደልየሉ ምኽንያት ክፈልጥ እውን ክፍትን እዩ።

## 7.4 ናይ ምትሕብባር ግዴታ

እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዘካይድ በዓል መዚ ኣብ ምጅማር መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ናይ ምትሕብባር ግዴታኹም ከዘኻኽረኩም እዩ። ከም ኣመልካቲ መጠን ኩሉ ግዜ ሓቂ ምዝራብን ብዓቕምኻ ምስ እቲ ሓታቲ ምትሕብባርን ግዴታ ኣሎካ። መንነትካን መበቆልካን (ዜግነትካ ሓዊሱ)፣ መንገዲ ዝሓለፈ ጉዕዞን ምኽንያት መውጺኻን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ኩሎም ሰነዳት ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ምቕራብ እውን ኣገዳሲ እዩ።

ስለዚ ኩሉ ኣብ ኢድካ ዘሎ ሰነዳት (እንተተኻኢሉ ኦርጅናል ሰነዳት) ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ከተቕርቦ ኣለካ። ብተወሳኺ፡ ምናልባት ብመንገዲ ኣባላት ስድራቤት ወይ ካልኦት ኣብ መበቆል ሃገርካ ወይ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርከቡ ሰባት፡ ኣብዚ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ፡ ደጋፊ ሰነዳት ንምርካብ እውን ኣድላዪ ጻዕሪ ክትገብር ኣለካ።

ምትሕብባር ዘይምህላው፡ ዘይቅኑዕ መግለጺ ምሃብ ወይ ንሓታቲ ከተደናግር ምፍታን፡ ንገምጋም ሕቶኻ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል።

## 7.5 እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ብኸመይ ክውደብ እዩ?

እቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ብኣካል ተረኺብካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት እዩ ክካየድ ፣ እቲ ሰራሕተኛ ሓታቲ፣ እቲ ኣመልካቲን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ እቲ ተርጓሚን ኣብ ሓደ ክፍሊ ኮይኖም ብኣካል ነቲ ዝርርብ ይካየድ።

ይኹን እምበር፡ ብኣካል ተረኺብካ ዝግበር ዝርርብ ኣጸጋሚ ወይ ዘይከኣል ምስ ዝኾውን፡ OE ብናይ መስመር ቪድዮ ( ቪድዮ ኮንፈረንስ) ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክውድብ ይኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኣብ መንጎ እቶም ዝምልከቶም ወገናት (እቶም ኣብ በበይኑ ቦታታት ዘለዉ) ብመንገዲ ቪድዮ ኮንፈረንስ ቴክኖሎጂ ብውሑስን ዕጹውን ኣገባብ ቃልካ ከተቐርብ ይከኣል።

እቲ OE እቲ መስርሕ ቃለ መሕትት ብሓላፍነታውን ምስጢራውን መንገዲ ናይ ምክያድ ግደታ ኣለዎ፤ ኣብ ፍሉይ ዝተዓጽወ ክፍሊ ብዘይህላወ ሳልሳይ ወገን ክካየድ ከምዝኽእል ከረጋግጽ እዩ፣ እዚ ድማ ብኣካል ይኹን ብርሑቕ ብዘየገድስ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ንኽካየድ ኣየጸግምን።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ናይቲ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ቅዳሓት (ረኮርድ ምምላእ) ድምጺ ወይ ድምጽን ስእልን ኣይግበርን።

እንተ ኾነ ንስኻ ምስቲ ናትካ ኩነታትካ ዘይከይድ እንተ ኮይኑ እቲ ቪድዮ ( ቪድዮ ኮንፈረንስ) ቃለ መሕተት ወይ ንዓይ ግቡእ ኣይኮነን ኢልካ እንተኣሚንካ፡ ኢድካ ክትህብ ኮለኻ ማለት ሕቶኻ ዑቕባ ክተመዝግብ ከለኻ ነዚ ክትገልጽ ኣለካ፡ እዚ ድማ ስለምንታይ ምስ ውልቃዊ ኩነታትካ ግቡእ ከምዘይከውን ከተነጽር ኣለካ። ሓደ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት ነቲ ዘቕረብካዮ ሞጎተ ኣስተብሂሉ ኣብ ፋይልካ ከእትዎ እዩ። ብድሕሪኡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት እዚ ዘቕረብካዮ መርትዖ ምኽኑይ ድዩ ኣይኮነን ክምርምር እዩ።

ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ዝኾነ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮ ጠለባት እንተ ኣ ለካ ኣብ ግምት ከእቱ እዩ።

ይኹን እምበር ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት ሞጎትካ መሰረት የብሉን ዝብል ርእይቶ እንተሃልይዎ እዚ ብቃሉ ንዓኻ ክግለጸልካ እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ OE ንምንታይ ምኽንያት እቲ ቃለ መሕተት ቪድዮ ( ቪድዮ ኮንፈረንስ) የካይዶ ምህላዉ ኣብ ፋይልካ ክውስኸልካ እዩ። ስለዚ ቪድዮ ( ቪድዮ ኮንፈረንስ) መስርሕ ቃለ መሕተት ክትገብር ምኺንካ ኣብ ግዚኡ ክሕበረካ እዩ። ብዛዕባ ግብራዊ ኣገባባትን መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) እውን ክሕበረካ ኢዩ። ሕቶ ዑቕባ ኣብ እትምዝግበሉ እዋን ብዛዕባ ኣገባባት ቪድዮ ( ቪድዮ ኮንፈረንስ) መስርሕ ቃለ መሕተት ብዝርዝር ይሕበሩኻን ክትቃወም ወይ ርእይቶኻ ክትህብ ዕድል ይወሃበካ።



**ብዛዕባ መስርሕ ቃለ መሕተት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤**
https://tinyurl.com/DPIAuditionENG

# 8. ኣየኖት ሰነዳት እዮም ክቀርቡ ዘለዎም ?

## 8.1 ኣብ እዋን መስርሕ ዑቅባ

ሕቶኹም ድሕሪ ምቕራብኩም፡ ኣብ ውሽጢ 8 ናይ ስራሕ መዓልታት፡ bijlage 26 (ኣነክስ) ትብል ወረቐት ግዝያዊት መንቀሳቀሲ ሒዝኩም ናብ እቲ እድራሻኹም ዘለዎ ምምሕዳር (ኮሙን) ናይቲ ቀንዲ መንበሪኹም ክትሕብሩ ኣለኩም።

እዚ **ናይ መጀመርታ ግዜ ምልክታ ኣህጉራዊ ዑቅባ** እንተድኣ ተቕርቡ ኣለኹም ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት bijlage 26 (ኣነክስ) ትብል ወረቐት ግዝያዊት መንቀሳቀሲ ክወሃበኩም እዩ። ካብዚ ሰነድ መሰረት ብምግባር ምምሕዳር ናይቲ ዘለኹሞ መንበሪኹም **ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት** ይህበኩም፣ ሕቶኹም ካብ ዘቕረብኩምሉ ዕለት ጀሚሩ ን4 ኣዋርሕ ዝጸንሕ እዩ። ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛታት ነዚ ሰነድ ኣብ ሓደ እዋን ብ4 ኣዋርሕ ከናውሖ እዩ፣ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት ካልእ ምኽሪ እንተዘይሂቡ።

እንድሕር ደኣ **ዳግማይ ዑቅባ ሓቲትኩም** ተወሳኺ bijlage 26 quinquies ዝብል ጽሑፍ ዘለዎ ይወሃበኩም። እዚ ሰነድ እዚ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክሳብ CGRA ኣብ ሕቶኹም ውሳነ ዝ ወሃብ ክናዋሕ እዩ።

**ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት** ክወሃበካ ዝኽእል ፣ CGRA ሕቶኻ ተቐባልነት ኣለዎ እንተ ኢሉ ጥራሕ እዩ ፣ ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ bijlage 26 quinquies (ኣነክስ) እንተ ዘይተናዊሑ ግን ካብ ምምሕዳር ናይቲ ዘለኹሞ መንበሪኹም ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

## 8.2 ድሕሪ ምቕባል ከም ምሉእ ስደተኛታት

CGRA ወይ CCE ናይ ስደተኛ ደረጃ እንተሂቡካ ናይ ስደተኛ ምስክር ወረቐት ትረክብ። ነዚ ምስክር ወረቐት እዚ ናብ ምምሕዳር ናይቲ ት ነብረሉ ቦታ ከተቕርቦ ኣለካ፣ እዚ ምስክር ወረቐት እዚ መሰረት ብምግባር ኣብ መዝገብ ወጻእተኛታት ክምዝግበኩም ኢኹም ፣ A ካርድ (ውሱን ግዜ መንበሪ) ክህበኩምን እዩ፣ እታ ወረቐት ድማ ናይ 5 ዓመት ንውሓት ግዜ ኣለዋ ።

ድሕሪ 5 ዓመት ካብ ዝቐርብ ሕቶ (ኢድካ ዝሃብካሉ ዕለት) ጀሚሩ ገደብ ኣልቦ መንበሪ ፍቓድ ክትረክብ ብቑዕ ኢኻ። ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ቢ (B) ካርድ ንምርካብ ናብ ምምሕዳር ናይቲ ቀንዲ መንበሪኹም መመልከቲ ከተቕርቡ ኣለኩም። እቲ ኣብኡ እትገብርዎ ምልክታ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ክምርመር እዩ።

## 8.3 ድሕሪ ምሃብ ናይ ንኡስ ዑቅባ ኩነታት

CGRS ወይ CCE ናይ ንኡስ ዑቅባ ደረጃ እንተሂቡካ፡ ውሳነ ናይ CGRA ወይ CCE ናብ ምምሕዳር ናይቲ ቀንዲ መንበሪ ቦታኻ ከተቕርብ ኣለካ፡ እዚ ድማ ብመሰረት እዚ ምስክር ወረቐት ኣብ መዝገብ ናይ ወጻእተኛታትን ትሰፍር፣ A ካርድ (ውሱን ግዜ መንበሪ) ትብል ወረቀት ን1 ዓመት ዝጸንሕ ክወሃበኩም እዩ፣ ። እቲ ኤ-ካርድ ብምምሕዳር ናይቲ ቀንዲ መንበሪኹም ክልተ ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ፣ እዚ

ማለት ን2 ዓመት ፣ ብዘይ ቅድመ መምርሒ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ። እቲ ናይ ኤ ካርድ ንምሕዳስ ዝቐርብ መመልከቲ ቅድሚ እቲ ካርድ ዝጸንሓሉ ግዜ ምዝዛሙ ካብ 30 ክሳብ 45 መዓልታት ናብ ምምሕዳር ናይቲ ዘለኻዮ ብምኻድ ክትናዋሓልካ ከተመልክት አለካ።

ድሕሪ 5 ዓመት ካብ ዝቐርብ ሕቶ (ኢድካ ዝሃብካሉ ዕለት) ጀሚሩ ገደብ ኣልቦ መንበሪ ፍቓድ ክትረክብ ብቑዕ ኢኻ። ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ቢ ካርድ ንምርካብ ናብ ምምሕዳር ናይቲ ዘለኹሞ መንበሪኹም ምልክታ ከተቕርቡ ኣለኩም። እዚ መመልከቲ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ክምርመር እዩ።

## 8.4 ድሕሪ ምንጻግ ናይቲ ንኣህጉራዊ ዑቕባ ዝቐረበ ምልክታ

ኣብቲ ሕቶ ናይ መወዳእታ ውሳነ ምስተወሰደ፡ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት፣ ካብ ግዝኣት ውጻእ ዝብል ትእዛዝ (BGV) ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ይወሃብ ከምኡውን ብቤት ምኽሪ እቲ ምምሕዳር (ኣድላዪ እንተኾይኑ) ድማ ነቲ ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ክስሕቦን እዩ።

ካብቲ ግዝኣት ንምውጻእ ትእዛዝ (BGV) ክወሃብ ዝኽእል ፤

- ኣብ ልዕሊ ውሳነ ናይ CGRA ይግባይ ግዜ ምስ ዝሓልፈካ ወይ ይግባይ ምስዘይትብል።

- CCE ኣብቲ ይግባይ ኣሉታዊ ውሳነ እንተወሲኑ።

ካብ 2ይ ግዜ ሕቶ ዕቅባ ስዒቡ ዝመጽእ ሕቶ (= ካብ 3ይ ሕቶ ዕቅባ ንደሓር) ድሕሪ ካብ CGRA ተቐባልነት ዘይብሉ ውሳነ ብቕጽበት ካብ ግዝኣት ውጻእ ዝብል ትእዛዝ (BGV) ክውሰድ ይኽእል እዩ፣ እቲ ይግባይ ዘይተሰረዘ እንተኾይኑ።.

እቲ ካብቲ ግዝኣት ንምውጻእ ትእዛዝ (BGV) ካብቲ ግዝኣት ክትወጽእ ዘለካ ግዜ ይሕብር።

ቅድሚ ሕጂ ካብቲ ግዝኣት ንምውጻእ ትእዛዝ (BGV) ተዋሂቡካ ነሩ እንተኾንካ፡ እዚ ድማ ዘየተግበርካዮ ምስ ዝኾውን፣ እቲ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት ሓድሽ **ካብ ግዝኣት ውጻእ ዝብል ትእዛዝ** (BGV) የውጽእ፡ ግን ከኣ ነቲ **ዝሓለፈ ካብቲ** ግዝኣት ንምውጻእ ትእዛዝ (BGV) **ዳግማይ ይከፍቶ።**

ኣብ ከምኡ ኹነታት፡ ካብቲ ሃገር ንምውጻእ ተወሳኺ ግዜ ክ ወሃበካ ይኽእል እዩ።

እቲ ካብ ግዝኣት ውጻእ ዝብል ትእዛዝ (BGV) ወይ ዳግማይ ካብቲ ግዝኣት ንምውጻእ ትእዛዝ ብቐጥታ ናብቲ ዝተመርጸ መንበሪ ቦ ታኻ ይስደደልካ።

## 9. ሓበሬታ ትሕዝቶ መንነተይ ክቕይር ይኽእል ድየ??

ኣብቲ መስርሕ ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኻ ቅኑዕ ከምዘይኮነ እንተተዓዚብካ፡ ነቲ OE ሰራሕተኛ ነዚ ከዐሪ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክግበር ይከኣል፣ ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ምሳኻ ዝሃብካዮ ውልቃዊ ሓበሬታ ብምኻድ እዚ ሓበሬታ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን ክሓትት እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ እዚ ሓበሬታ ክቕየር ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር ኣብቲ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ወይ ኣብ ዝቕጽል ኣገባብ ዝርዝር ሓበሬታኻ ዝያዳ ክትቅይር እንተደሊኻ፡ መወከሲ ክኽውን ዝኽእል ቅኑዕ ኣህጉራዊ ፓስፖርት ምስ ኣቕረብካ ጥራይ እዩ።

## 10. ትሕቲ ዕድመን መሰነይታ ዘይብሉን እየ... እንታይ ክገብር?

ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾንካን ኣብ መበቆል ሃገርካ ብወላዲ ወይ ብወላዲነት ሞግዚት ዝተመደበ ሰብ እንተዘይመጺኻ፡ ከም ኣላዪ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ትምዝገብ። እዚ ማለት ሓደ ፍሉይ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ምሳኻ ቅጥዒ ክመልእ እዩ፣ ድሕሪኡ ናብ ኣገልግሎት ሞግዚትነት ይለኣኽ።

ኣገልግሎት ሞግዚትነት ኣብ ቤልጅየም ዝርከብ ኣካል ኮይኑ መንነትካ ዝፈልጠካን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ኣላዪ ዝምድበልካን እዩ።

**ብዛዕባ ስልጣን ኣገልግሎት ሞግዚት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤**

https://tinyurl.com/dpiTutellesFR

ኣብ ቤልጅየም ንዝተወሰነ ግዜ እንተጸኒሕካ፡ ካልእ ትካል ድሮ ኣብ ኣገልግሎት ሞግዚት ኣመዝጊቡካ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ስለዚ ድማ ድሮ ኣላዪ ኣለካ።

**ኣስተውዕል: ኣብ ዕድመኻ ዝኾነ ናይ ዕድመ ጥርጣረ እንተሃልዩ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ክውሰን ይኽእል እዩ። ነቲ ውሳነ – ብመሰረት ውጽኢት ናይቲ መርመራ ዝውሰድ – ናብ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

ኣላዪኻ ኣብ ምሉእ መስርሕ ዑቕባ ክድግፈካ እዩ። እዚ ማለት ኩሉ ንዓኻ ዝምልከቶ ጻውዒት፣ ሕቶታት ሓበሬታን ውሳነታትን ክቕበለልካ እዩ። ስለዚ እቲ ኣላዪ ኣብቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ዝካየድ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክህሉ ኣድላዪ እዩ። ብዘይ ህላወ ኣላይኻ ዝኾነ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ክካየድ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ዝካየድ መስርሕ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ፡ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ ቃለ መሕተት (ኢንተርቪው) ዝነጥፍ ሰራሕተኛ ክምራሕ እዩ። ኣብ እዋን መስርሕ ፍርዲ ዝሕተቱ ሕቶታት ምስ ዕድመኻን ብስለትካን ዝተመጣጠኑ እዮም።



**ሕቶኹም ኣብ እትምዝግቡሉ እዋን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።**

**“መምርሒ ኣላዪ ንዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ ቤልጅየም ዑቕባ ዝሓተቱ” ብብዙሕ ቋንቋታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ CGRA በዚ ዝስዕብ ሊንክ እውን ይርከብ፤**

https://www.cgrs.be/en/publications

# 11. ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ብጠበቓ ክሕገዝ ይኽእል ድየ?

ኣብ እዋን ኣህጉራዊ መስርሕ ዑቕባ ብጠበቓ ክትሕገዝ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ወጻኢታት ባዕልኻ ኢኻ ተሓታቲ።

ይኹን እምበር ጠበቓ ክትከፍል እኹል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ እንተዘይብልካ ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ ነጻ (pro-Deoadvocaat) ጠበቓ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ናይ ነጻ ጠበቓ (pro-Deoadvocaat) ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ወይ ኣብ ክንዳኻ ብሰራሕተና መንግስቲ ዝተዋህበካ ጠበቓ እዩ። ነቲ ናይ ነጻ ጠበቓ (pro-Deoadvocaat) ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣየድልየካን እዩ። ነዚ ንምግባር ድማ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዕቅባ ምዃንካ ከተረጋግጽ ኣለካ፣ ንኣብነት ብመሰረት bijlage 26 (ኣነክስ) ወይ bijlage 26 quinquies ዝብል ጽሑፍ ዘለዎ ከተርእይ እለካ።

ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ዕቅባ መጠን ሕጋዊ ሓገዝ ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ካብቲ ክትከፍሎ

ኣስተውዕል:
ድሒሩ ኣድላዪ
ፋይናንሳዊ ጸጋታት/ኣታዊ
ከምዘለካ እንተተረጋጊጹ፡ ነቲ ናይ
ነጻ (pro-Deoadvocaat) መሰል
ኣቢልካ ነቲ ዘስተማቐርካዮ ረብሓ ገለ
ክፋል ወይ ኩሉ ክትመልሶ ክትግደድ
ኢኻ።



ዝግብኣካ ዋጋ ምጉዳል ክግበረልካ ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ ኣብ ምሕጋዝ ወጻእተኛታት ዝነጥፋ ማሕበራት ዝጥርንፋ ማሕበራት እውን ኣለዋ። UNHCR መሰልን ጽቡቕ ሂወትን ስደተኛታት ንምርግጋጽ ዝነጥፍ ትካል እዩ።

**ብዛዕባ ስራሕ UNHCR ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤**

https://www.unhcr.org/be

## 12. ናብታ መበቆል ሃገረይ ክምለስ እንተደልየኸ?

ኣብ እዋን መስርሕካ ወይ ድሕሪ መስርሕካ ናብ መበቆል ሃገርካ ክትምለስ ትሓስብ እንተኾንካ፡ ኩሉ ግዜ ነቲ ብፌዳሲል ዝቐርብ ወለንታዊ ናይ ምምላስ መደባት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትበጽሑ ትኽእሉ ኢኹም፤**

https://www.voluntaryreturn.be/

ናብ መበቆል ሃገርካ ንምምላስ ዘድሊ ሰነዳት መንነት እንተዘይብልካ (ወይ ቕድሚ ሕጂ እንተዘይብልካ) ኣብ ኤምባሲ መበቆል ሃገርካ ክትምዝገብ ኣለካ። ኣብኡ ድማ እንደገና ፓስፖርት ወይ laissez-passer ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይተን ኤምባሲታት ምስቲ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ “ኤምባሲታትን ቆንስላትን” ዝብል ኣርእስቲ ይርከብ።**

http://diplomatie.belgium.be

**ብቐልጡፍ ናብ መበቆል ሃገርኩም ንምምላስ፡ በዚ ዝስዕብ ኢመይል ኣድራሻ ምስ ኣሃዱ ወለንታዊ ምምላስ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።**
**ኢመይል :** return@ibz.fgov.be

## 13. ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ክእሰር ይኽእል ድየ?

ኣብቲ ሕጊ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኣብ ዝተወሰኑ ጉዳያት ኣብ ፍሉይ ቦታ (ዕጹው ማእከል) ክኣስረካ ክውስን ከምዝኽእል ይገልጽ።

ኣብ ዕጹው ማእከል ዝተኣስረ ኣመልካቲ፡ ነቲ ማእሰርቲ ወርሓዊ ኣብ ቅድሚ ቤት ምኽሪ ናይ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ (ክፍሊ ተሃድሶ) ንኽፍታሕ ተኽእሎ ኣለዎ። በቲ መመልከቲ ንኽፍታሕ ሕቶ ብምቕራብ እዩ። እዚ ሕቶ ብፍሉይ ሕጋዊ ሕግታት ዝሓልፍ እዩ።

## 14. ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት (OE) ብውልቃዊ ዳታይ እንታይ ይገብር?

ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ጉዳይ ወጻእተኛታት OE ኣብ እዋን መስርሕ ዝኣከብዎ ሓበሬታኻ ከም ዝሕሎን እዚ ድማ ምሉእ ብምሉእ ብመሰረት

AVG (ሓፈሻዊ ኣገባብ ምክልኻል ሓበሬታ ) ከም ዝሕሎን ከረጋግጽ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ምዕቃብን ምክልኻልን ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት DVZ ከምኡውን ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ሓበሬታ RGPD **ኣብቲ** ተወከሱ ወይ ድማ ኣብ ታሕቲ QR code ኣለኩም ።

https://dofi.ibz.be/en/about-us/processing-personal-data/transparency-information-data-subject/transparency-international

# 15. ጠቓምቲ ኣድራሻታት

**ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክፍሊ ወጻእተኛታት (OE)**
Pacheco
Boulevard Pacheco, 44
1000 Bruxelles

Infodesk
T +32 2 488 80 00

infodesk@dofi.fgov.be
www.dofi.fgov.be
www.ibz.fgov.be

**ኮሚሽነር ጀነራል ስደተኛታትን ሃገር ኣልቦን (CGRA)**
Eurostation
Rue Ernest Blerot 39
1070 Bruxelles

T + 32 2 205 51 11

cgra.info@ibz.fgov.be
www.cgra.be

**ቤት ምኽሪ ይግባይ ናይ ወጻእተኛታት (CCE)**
Laurentide
Rue Gaucheret 92-94
1030 Bruxelles

T + 32 2 791 60 00

info.CCE-cce@ibz.fgov.be
www.CCE-cce.be

**መንግስታዊ ቤት ምኽሪ (CE)**
Rue de la Science 33
1040 Bruxelles

T + 32 2 234 96 11

info@raadvst-consetat.be
www.raadvst-consetat.be

**ፈዳሲል**
Rue des Chartreux 21
1000 Bruxelles

T + 32 2 213 44 11

info@fedasil.be
https://www.fedasil.be/

**ኣገልግሎት ሞግዚትነት**
Boulevard de Waterloo 115
1000 Bruxelles

T + 32 78 15 43 24

tutelles@just.fgov.be
https://justitie.belgium.be/

**ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሕቡራት ሃገራት (UNHCR Belgium)**
Avenue Louise 283
1050 Bruxelles

T + 32 2 627 59 99

belbr@unhcr.org
https://www.unhcr.org/be

Editeur responsable : Freddy Roosemont - Boulevard Pacheco 44, 1000 Bruxelles - BCE 0308.356.862
- Ne pas jeter sur la voie publique -